## ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ናይ ዝሞቱ ኤርትራውያን ናይ ቡራኼ ስነ-ስርዓት ኣብ ቫቲካን ተፈጺሙ

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
### 09.09.2009

ምእንቲ ናይ'ቶም ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ሂወቶም ዝሰኣኑ ኤርትራውያን ኣብ መንበር ካቶሊካዊት ቅድስና ናይ ቡራኬን ጸሎትን ስነ ስርዓት ተኻይዱ። ብተወሳኺ M&C ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ጽሑፋቱ ከም ዘሰፈሮ፡ ቫቲካብን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ነቲ ኣብ መንጎ ጣልያንን ሊብያን ዝተገብረ ውዕል ምክልኻል ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ከም ዝነቐፉ ተፈሊጡ። ካቢኔ ሚኒስተራት መንግስቲ ጣልያን'ውን ብግዲኡ ምስ ጸጥታ ገማግም ባሕሪ ሓይልታት ማልታ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ብዝምልከት፡ ንድሕነት ስደተኛታት ዝተገብረ ጻዕሪ እኹል ብዘይምንባሩ ዝሕብር ዝርርብ ከም ዝገበረ ተፈሊጡ ኣሎ።